


# 1 ግንቦት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት

ሰዲህኤ

ወትሩ 1 ግንቦት፡ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ትኽበረላ መዓልቲ እያ። መዓልቲ ሰራሕተኛታት ኣብ ሙሉእ ዓለም ተኽቢራ እትውዕል መሰል ክብሪ፡ ወላ ሓንቲ መዓልቲ ትኹን'ምበር ሰራሕተኛታት ዓለም ንምሕያል እትዝከር መዓልቲ'ያ፡ ሰራሕተኛታት ኣፎም ከፊቶም ንመሰሎም ዝከላኸሉላ መዓልቲ'ያ።

ኣብ መላእ ዓለም፡ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ተኽቢሩን ተጸንቢሉን፡ ሰራሕተኛታትን፡ ማሕበር ሰራሕተኛታትን፡ ብታሪኻዊ ኣመጻጽኣ መሰረት ሰራሕተኛታት ዘለወን ሰልፍታትን ወከልቶም ተጣበቕቲ መሰል ሰራሕተኛታት፡ መሰል ክኽበር መብጽዓ ዘሕድስሉ መዓልቲ'ዩ። ሰራሕተኛታት ብዘይ ፍርሓትን ስግኣትን ድሌቶምን ሓሳባቶምን ዝገልጹላ መዓልቲ'ያ። ይትረፍስ ብደረጃ ማሕበር ሰራሕተኛታትን ሰልፍታትን ውድባትንስ፡ ውልቀ ሰባት ንበይኖም ከም ሰራሕተኛታት ጭርሖታቶም ኣዋዲዶም ንመሰሎምን መሰል መሳርሕቶም ዝከላኸሉላ መዓልቲ'ያ።

በዓል መዓልቲ ሰራሕተኛታት ክኽበር ክትርኢ፡ ንኤርትራውያን ብዙሕ ካብ ዘዘኻኽር መሰል ሰራሕተኛታት ኣብ ኤርትራ እዩ። ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ዝሓልፍዎ ዘለዉ ሃለዋት ምስ'ቲ ፖለቲካውን ምጣነሃብታውን ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምሕደራ ምልካዊ ስርዓት ዝተኣሳሰር ምኳኑ ኩሉ ዝርድኦ እዩ።ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ሰልፊ ሸቃሎ ንምዕዋት ንቃለስ ዝብለሉ ዝነበረ እዋን መድረኽን ታሪኽን ጠሊሙ፡ ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ተረጊጾምን ተገፊዖምን ዝነብሩላ ዘለዉ ሃገር ኮይና ምህላዋ'ዩ። ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ካብ'ቲ ብዘይመጽናዕቲ ዘካየዶ ''ምጽንጻል ዝብልዎ'' ወፈራ ምስንጋ ሰራሕተኛታት ደጊም ታሪኽ ሰራሕተኛታት ኣብ ኤርትራ ዘብቕዐን፡ ዝተበታተነት ስድራ ቤት ዘስዓበ ተግባራት ዝተራእየሉ'ዩ ። ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ብ24 ነሓሰ 1994 ዋንነት መሬት መንግስታዊ ምኳኑ ዝኣወጀሉ ፡ ቅድሚ'ቲ 18 መስከረም 1996 ኣብ ትሕቲ

መንግስቲ ዝመሓደራ ዝነበራ ፋብሪካታት ብብሕቲ ክመሓደራን፡ ህግዲፍ ብታሕቲ ዝቆጻጸረንን ብሽርክነት ንግዲ ዘዋፍረለን ዘይምዕሩ ዘይፍትሓዊ ምሕደራ ዘተኣታተወሉ፡ እቲ ካብ ስርሑ ዝተሰጐ ህዝቢ ሓሪሱ'ኳ ከይበልዕ ድሮ መሬቱ ኣብ ትሕቲ ዋንነት መንግስቲ ኣትዩ፡ ነታ ሪሙ እንተኾነት እንተሓሪሱ ክዘርኣ ወይስ ካልእ ዓይነት ሕርሻ ከካይደላ ተመሊሱ ነቲ ስርዓት ፍቃድ ምሕታት ዘይተርፎ ኮነ። ምልካዊ ስርዓት ከኣ ልክዕ ነዛ ኣገባብ ህዝቢ ዘየተንፍሰላ ህሞት፡ ሙሉእ ምቁጽጻር ዝተኣታተዎ ምሕደራ ነበረ። በዚ ከኣ ላዕሊ እንተበለ ታሕቲ ካብ'ተን ስርዓት ዝኣወጀን ዝወጻሉ መንገዲ ስለ ዘይብሉ፡ ደቂ ክጠምዩ፡ ክዓርቁ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ክርኢ ዘይከኣለ ኣብ ክንደይ ስነ ኣእምሮኣዊ ጭንቀትን ሕማምን ስደትን በጺሑ'ዩ። እቶም ዕድለኛታት ተባሂሎም ኣብ'ቲ ኣብ ብሕቲ ትካላት ግን ከኣ በቲ ስርዓት ዝመሓደራ ፋብሪካታት ዝተረፉ ከኣ፡ ንስሙ ዝኽፈሎ ደሞዝ መብዛሕትኡ ግዜ ብምስምስ ህንጻት ሃገር፡ ድራር ተጋደልቲ ደቂ ስውኣት እንዳበለ ኣብ ኢዶም ከይበጽሐ ዝህድጎምን፡ እንተን ክፍሊት እንተኾና ኣብ ዕዳጋ ወሪድካ ንሸመታ ዘይኣኽላ፡ እንተተሸመታ ዘይጽግባ ብደላላን ዘይሕጋዊ ዕዳጋታት ዝተዋረደ ህዝቢ ሃለዋቱ ዝተደወነ ገጹን ዕርቃኑን ዘርእያካ ምስክር ዘየድልዮ ዝሓልፎ ዘሎ'ዩ። ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ደሞዝ ይኽፍል ኣለኹን እንዳበለን፡ ንሰማዒ ዝገረሞ ወሰኽ ደሞዝ'ሉ ዝዛረበሉ ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ መብጽዓ ናይ ፕሮፓጋንዳ ሃልኪ ህዝብና ዘይበልዖ በሊኡ ደሞዝ ከይከፈሎም ዝነብርሉ መድረኽ'ዩ። ካብኡ ዝኸፍኣ'ውን እቲ ከም ሰራሕተኛ በጃ (ግሪምቢያለ ወይ ኮምፕላሲዮነ) ለቢሱ ኣብ ስርሓት ህንጻት ይኹን ትካላት ዝረአ መቁጻሪ ዘይብሉ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝርከብ ኤርትራዊ መንእሰይ ወዲ ይኹን ጓል፡ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ ልክዕ'ቲ ዕድመ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ሰራሕተኛ ድኩቱ ዝሰቲ ዘሎ ብዛይካ'ተን መሕሸሺ ተባሂለን ዝወሃባ ኣብ እንዳ መማቐሪ ዱኺን ህግዲፍ ዝተርፋ ቅሩብ ቁራቦ ገንዘብ ብነጻ ጉለበቱ ዝሰርሕ ውሑድ ዘይኮነስ ሃገር ብሃገሩ እንተተባህለ ዝተጋነነ ኣይኮነን።

ብግዜ ፈደረሽን'ኳ፡ ኣብ ግዜ ዓደይ ዓደይ ተማሃሮ ኣብ 1957፡ ሰራሕተኛታት ኣብ 1958 ወርሒ ለካቲት ንመሰሎም ሰላማዊ ሰልፊ ዝወጽሉ ብወታሃደራት ኢትዮጵያ ብጥይት ዝወደቅሉ ግዜ ወዮ ደኣ ወርሒ ግንቦት ኣይነበረን'ምበር ንኽብርን መሰሎም ምንባሩ ከቶ ዝርሳዕ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ ንዝነበረ ዘይፍታሓዊ ምሕደራ ዝተቃወሙ ዝነበሩ እዮም።

ምልካዊ ስርዓት ነቶም ወግሐ ጸብሐ ዘነኣእሶምን፡ ዝኸሶምን ደሞክራሲያውያን መንግስታት ብፍላይ ኣብ ኤውሮጳ፡ ፍሉይ ትካላትን ቤት ፍርዲ ሰራሕተኛታት ብዘለዎ ዝመሓደር ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሰዓብ'ቲ ህግዲፍ በቲ ኣብ ዝነብርዎ ሃገራት ዝተፈቀደሎም መሰል ሰራሕተኛ፡ ኣብ ኤውሮጳ ምንጪ ቁጠባ ኣማስይኡ ንስለላዊ መጋብርያ ዘውዕሎ ብሚሊዮናት ዝቁጸር ገንዘብ ንኤርትራዊ ሰራሕተኛ ሳንቲም'ኳ ትብጽሖ የብሉን። ኣብ'ዚ ከየጠቀስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ከም'ቲ ቅድም ክብል ዝጠቀስክዎ እቶም ተሳተፍቲ 1

ግንቦት፡ ምስ ሰልፍታትን ማሕበራት ውድባት ዘለዉ ጥራሕ ዘይኮነ ውልቀ ሰብ ከይተረረፈ ዝደለዮ ዲሞክራሲያዊ ፍትሓዊ ጭርሖ መሪጹ ክጽሕፍን ነቶም ኣብ'ቲ ቦታ ሰላማዊ ሰልፊ ዘለዉ ሓገዝ ሓቲቱ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ወጻኢ ዝደለዮ ጭርሖን ራእይን ብዝደለዮ ዓቕን ተጻሒፉ ክዋሃቦ ዝገብር መሰል ዘለዎ'ዩ። ብኣንጻር ኤርትራ ህዝባን ዝሓልፎ ዘሎ ፍልልይ መሰላት ከኣ እዚ'ዩ። ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ መሰል ህዝቢ ኤርትራ መሰል ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኸኽብር ዝኽልከሎ ሓደ'ኳ የልቦን። ግን ግን ስልጣኑ ንምክልኻል ብዘምጽኦ ምስምሳት ህዝብና ተረጊጹን ተገፊዑን ይነብር ኣሎ።

ዜናን ሓበሬታ
ሰዲህኤ
1 ግንቦት 2018